**03/09/2010**

# 130 ኤርትራውያን ስደተኛታት ሰኑይ 06/09/2010 ናብ ሳልሳይ ሃገር ክሰጋገሩ’ዮም፡፡

ንስርዓት ህግደፍ ራሕሪም ናብ ዝተፈላለዩ ጎሮባብቲ ሃገራት ዝስደዱ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሎሚ’ውን ኣየዕረፉን፡፡ ናብ ኢትዮጵያ ዝተሰዱ ክሳብ ነሓሰ 31, 2010፣ ዘሎ ግዜ ቁጽሮም 51,718 ክበጽሕ ከሎ፡ ኣብ ሓሙሽተ መዕቆቢ ስደተኛታት፣ ማለት ኣብ ትግራይ፡ ሽመልባ፣ ማይ-ዓይኒ፣ ዓዲ-ሓሩሽ፡ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ዓፋር ድማ፡ ኣብ ኣስሓይታን በርሓለን ከምዘጽለሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዝስደዱ ኤርትራው በብወርሒ ካብ 1,800 ንላዕሊ ዶብ ኣቋሪጾም ክኣትዉ ከለዉ ካብዚኣቶም ውሽጢ ካብ 45% ንላዕሊ ዝኾኑ ወተሃደራት ናይ ስርዓት ህግደፍ ከምዝኾኑ’ውን ብተወሳኺ ክፍለጥ ተኻኢሉ’ሎ፡፡

ምስግጋር ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ናብ ሳልሳይ ሃገር ኣብ ምስልሳል ይርከብ፡፡ ከም መርኣያናቱ ድማ ካብ 2006 ክሳብ መወዳእታ ወርሒ 2009 ዘሎ ግዜ፡ 5,822 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሳልሳይ ሃገር ከምዝተሰጋገሩ፡ ጸብጻብ ቤ/ጽሕፈት ምምሕዳር ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ ይገልጽ፡፡

ብዘይካ’ዚ ስደተኛታት ናብ ዝሓሸ ሃገር ተሰጋጊሮም፡ ናብርኦም ብዝሓሸ መንገዲ ክመርሕሉ ዝኽእልሉ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ ግደ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኽ ስደተኛታት ድማ ዘይርሳዕ ረዚን ታሪኽ’ዩ፡፡ ብጻዕሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ን6,800 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ዕድል ከምዝተዋህበ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ’ዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት 2010፣ 3,100 ኤርትራውያን ስደተኛታት ክሰጋገሩ ኣብ መስርሕ ይርከብ፡፡ ክሳብ ሕጂ ድማ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት 2010፣ ምስዞም ናይ ሰኑይ 6 መስከረም ንምስግጋር ዝተዳለዉ 130 ኤርትራውያን ስደተኛታት ደሚርካ፤ 1,458 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሳልሳይ ሃገር ከም ዝተሰጋገሩ ክፍለጥ ተኻኢሉ’ሎ፡፡

ነዘም ሰኑም 6 መስከረም ናብ ሳልሳይ ሃገር ዝሰጋገሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት፣ ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ ብክብ ዝበለ ናይ መፋነዊ ግብዣ ሎሚ ድ/ቀትሪ ጌርሎም፡፡


ሰላምን ራህዋን ንህዝቢ ኤርትራ!!
ሰኑይ 6 መስከረም ዝፋነው/ዝሰጋገሩ/ የሕዋት፣ ዘርኢ ምስሊ ብኸፊል፤